ቤት ማዛጋጃ ከተማ እንዳ ባጉና ንከተማ እንዳ ባጉና ኣገልግሎት ዝውዕል ናይ ኤሌክትሪክ ኣቕሑት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደሊ ካብዚ ቀፂሎም ዝተዘርዘሩ ረቋሕታት እተማልኡ ነጋዶ ክትወዳደሩ ይዕድም።

ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ታሕሳስ 13, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሓሙስ ታሕሳስ 25, 2011 02:30 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:20000.00
ቦታ:እንዳባ ጉና
ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሓሙስ ታሕሳስ 25, 2011 03:00 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/

1 ሕጋዊ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎም ናይዚ ዘመን ዝተሓደሰ ቅዳሕ ከቕርብ ዝኽእል፤

2 ሕጋዊ መቕረባይነት ዘለዎም ናይዚ ዘመን ዝተሓደሰ ቅዳሕ ከቕርብ ዝኽእል፤

3 መለለይ ቁፅሪ ከፋላይነት ግብሪ ቅዳሕ ከቕርብ ዝኽእል፤

4 ተመዝጋቢ ተወሳኺ እሴት ታክስ ናይ ወርሒ መስከረም 2011ዓ/ም ፀብፃብ ዝገበረሉ ኣታሓሒዙ ከቕርብ ዝኽእል፤

5 ጨረታ ኣብ ኣየር ዝፀንሓሉ ካብ 10-24/04/2011ዓ/ም ኣብ ዘሎ እዋን ይኸውን።

6 ዝርዝር ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ 50.00 ቅርሺ ብምኽፋል ካብ ቤት ማዛጋጃ ከተማ እንዳ  ባጉና ደ/ከ/ስ/ዕ/ምም/ንብረትን ምውሳድ ትኽእሉ።

7 ሰነድ ጨረታ 25/04/2011ዓ/ም ሰዓት 2:30 ተዓፅዩ ሰዓት 3:00 ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወከልቶም አብ ዘለውሉ ይኽፈት።ኮይኑ ግና ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ብዘይ ምርካቦም ከይተኸፈተ ዝምለስ ፖስታ ኣይህሉን።

8 መኽበሪ ጨረታ 20000.00 ሽሕ ቅርሺ ብሲፒኦ ወይ ብጥረ ገንዘብ ከትሕዙ አለዎም።

9 እቲ ተጫራተይ ሰዓራይ ምኳኑ ምስተፈለጠ ኣብ ውሽጢ 4ተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ውዕሊ ክአስር ኣለዎ።

10 ሰነድ ጨረታ ብንፁር ዝንበብ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ናይ ባዕሉ ፊርማን ማህተምን ኣብ ነብሲ ወከፍ ገፅ ብምግባር ብፖስታ ዓሺጉ ከእቱ ይግባእ።

11 ቤት ማዛጋጃ ጨረታ ምስተኸፈተ ከምኣድላይነቱ 20% ናይ ምውሳኽ ወይ ምቕናስ መሰል ኣለዎ።

12 ሰዓራይ ኣካል ብናይ ባዕሎም መጓዓዝያ ከቕርቡ ኣለዎም።

13 ሰዓራይ ጨረታ ውዕሊ ካብ ዝኣሰርሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 10ተ መዓልቲ ብናይ ባዕሉመጓዓዝያ ኣጓዓዒዙ ናብ ቤት ማዛጋጃ ከተማ እንዳ ባጉና ከረክብ ኣለዎ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

14 ኣብቲ ዝተጠቀሰ ዕለት እንተዘይኣረኪቡ ሰዓራይ ጨረታ 0.01 ወይ 1/1000 ኣብ መዓልቲ ተቀፂዑ ኣታዊ ይገብር።

15 ናይ እትወዳደርዎ ዓይነት ንብረት ፍቃድ ንግዲ ክተቅርቡ ኣለኩም።

16 ናይ ዝሰዓርኩምዎ ንብረት ናይ ሓደ ዓመት ውሕሰና ክህብ ዝኽእልን ውዕሊ ክኣስሩን ዝኽእሉን

17 ሰዓራይ ውዕሊ ክኣስር እንተሎ ካብ ጠቅላላ ዋጋ 10% ውዕሊ መኸበሪ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብሲፒኦ ከትሕዝ ዝኽእል፤

18 ጨረታ በዘይ ኣግባብ ምዝባዕ ምፍታን ብሕጊ ዘሐትትን ጨረታ ከይሳተፍ ክሳብ ምእጋድ ስጉምቲ ዘስዕብ ምዃኑ ክፈልጥ ኣለዎ።

19 እቲ ቤት ማዛጋጃ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

20 ሰነድ ጨረታ ዋናን ቅዳሕን ብኽልተ ፖስታ ዓሺጎም ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ኣተዊ ክትገብሩ ኣለኩም።

21 ሰነድ ጨረታ ኣብ ቢሮ ቁፅሪ 04 ከ/ስ/ዕ/ፋይ/ምም/ንብረትን ይርከብ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስ.ቁፅሪ 0346-610604 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle